MYNDIGHETEN FÖR TILLGÄNGLIGA MEDIER

# ምስ ለጊሙስን ምስ ዚስምዑ መጻሕፍትን ተላለ !

ውላድካ ወይ እተዕብዮ ቈልዓ፡ ኣብ ለጊሙስ ውልቃዊ መገልገሊ ሕሳብ ብምጥቃም ዕድል ዚስምዑ መጻሕፍቲ ኪረክብ ኣኽእሎ ኣሎዎ፡

### ዚስማዕ መጽሓፍ እንታይ'ዩ፧

ዚስማዕ መጽሓፍ ኪበሃል ከሎ፡ ድሮ ተሓቲሙ ዝወጸ መጽሓፍ ተነቢቡ ኪምላእ ከሎ ማለት'ዩ። ኤምቴኤም (MTM)፡ ኣብ ሕጊ መሰል ደረስቲ ብምምርኳስ፡ ዚስምዑ መጻሕፍቲ የዳሉ። እዞም ተነቢቦም ዚምልኡ መጻሕፍቲ፡ ነቶም ምግደራ፡ ሕማም ወይ መጕዳእቲ ስለ ዘሎዎም ሕቱም ጽሑፍ ከንብቡ ዚጽግሞም ተባሂሎም ብፍላይ ይዳለዉ።

### ለጊሙስ (Legimus) ዚበሃል እንታይ'ዩ፧

ለጊሙስ፡ ብዓል-መዚ ክፉት ሜድያን (Myndigheten för tillgängliga medier) ኤምቴኤምን (MTM) ሓላፍነት ዚስከሙሉ ዲጂታላዊ ቤት ንባብ'ዩ። ነቲ ሕሳብ ብምጥቃም፡ ቈልዑ ዚስምዑ መጻሕፍቲ ኪልቅሑ ይኽእሉ። ቈልዑ፡ ኣብ ቤት ትምህርትን ኣብ ትርፊ ግዜኦምን ንለጊሙስ ኪጥቀሙሉ ይኽእሉ።

### ኣብ ለጊሙስ (Legimus) እንታይ ኣሎ፧

ኣብ ለጊሙስ፡ ብመልክዕ ዛንታን መጻሕፍትን ጭብጥን ዚዳለዉ ልዕሊ 115 000 ዝኾኑ ዚስምዑ መጻሕፍቲ ኣለዉ። ብኻልኦት ቋንቋታት ዝተዳለዉ ዚስምዑ መጻሕፍቲ'ውን ኣለዉ። ኣብ ገለገለ ዚስምዑ መጻሕፍቲ ጽሑፍ ጥራይ ይንበብ፤ ኣብ ሓያሎ ዚስምዑ መጻሕፍቲ ግን ጽሑፍን ስእልን ኣሎ። ኣብ legimus.se/barn ምኽርታት መጻሕፍትን ንሰሓብቲ ዓውድታት ዚምልከቱ ጽሑፋት ኣለዉ። ቈልዑ ብወገኖም ብዛዕባ መጻሕፍቲ ምኽሪ ኪህቡ ይኽእሉ'ዮም።

### ቈልዑ በዚ ዚስዕብ ኣገባብ ዚስምዑ መጻሕፍቲ ኬንብቡ ይኽእሉ

ቈልዑ ብሓያለ መልክዓት ስምዑ መጻሕፍቲ ኬንብቡ ይኽእሉ፡- ኣብ ሞባይል ቴለፎን፡ ብሓገዝ ኣፕ ለጊሙስ ወይ ኣብ ቀጻላ ኣይፓድ ወይ ኣብ ኮምፕዩተር፤ ወይከኣ ብመንበቢ መርበብ ለጊሙስ።

### ደገፍ

ኣብ ለጊሙስ ዘሎ ሕሳብ ብህዝባዊ ቤት ንባብ ወይ ብቤት ንባብ ቤት ትምህርቲ ይመሓደር። ቈልዑ፡ ኣብ ለጊሙስ ዘሎ ሕሳቦም ብዚምልከት ሓገዝ እንተ ደልዮም፡ ምስ ቤት ንባቦም ርክብ ኪገብሩ ይኽእሉ።

## ውዕል ኣጠቓቕማ ለጊሙስ

❈ እቶም መጻሕፍቲ ብሕጊ መሰል ደረስቲ ሽወደን ሕሉዋት'ዮም፤ ነቶም ብምኽንያት ምግደራ ሕቱም ጽሑፍ ኬንብቡ ዚጽግሞም ጥራይ ኬገልግሉ ከኣ ይፍቀድ።
❈ ዚስምዑ መጻሕፍቲ ከተውርድ ከለኻ ወይ ኣብ ናትካ ከብሒ (Bokhyllan) ከተቐምጥ ከለኻዩ ከም ልቓሕ ዚሕሰብ። ወቕቲ ልቓሕ 6 ወርሒ'ዩ። ነቲ መጽሓፍ ደምሲስካ ኢኻ ልቓሕ ትመልስ።
❈ ናብ ሕሳብ ዘእቱ ሓበሬታን እቶም መጻሕፍትን፡ ቈልዑ ንውልቆም ኪጥቀሙሎም'ዩ ተወሲኑ፤ ስለዚ ንኻልእ ሰብ ምሃብ ኣይፍቀድን።

### ቈልዓ ነቲ ውዕል እንተ ዘየኽበረ እንታይ ይስዕብ፧

❈ ቈልዓ ነቲ ውዕል እንተ ዘየኽበረ፡ ነቲ ኣገልግሎት ናይ ምጥቃም መሰሉ ይሕደግ።
❈ ዘይሕጋዊ ምዝርጋሕ ዚስምዑ መጻሕፍቲ፡ ሕጊ መሰል ደረስቲ ምጥሓስ ማለት'ዩ፤ ናብ ክሲ ከኣ ኬብጽሕ ከኣ ይኽእል። እቶም ዚስምዑ መጻሕፍቲ ኪወርዱ ከለዉ፡ መን ከም ዝተለቅሖም ምልክት ይግበረሎም። ዚስምዑ መጻሕፍቲ ብዘይ ሕጊ ኣብ ዚዝርጉሑሉ እዋን፡ መን ከም ዝተለቅሖም ኤምቴኤም (MTM) ሃሰስ ኢሉ ኪረኽቦም ይኽእል'ዩ።

### ሓለዋ ዳታ

ኤምቴኤም (MTM) ብመሰረት ሕጊ ሓለዋ ዳታ (GDPR, 2016/679/EU) ንናይ ደቅኻ ውልቃዊ ሓበሬታ ኪጥቀምን ኪዓቍርን ይኽእል። ስም፡ ኣድራሻ ኢመይል፡ መለለዪ ቍጽሪ መንነት ወይ ዕለተ-ልደት ከምኡ'ውን ኣብ ኤለማ ካርድ ዘሎ መፍለዪ ቍጽሪ (beteckningsnumret) ብመዝገብ ተጠቀምቲ

ኤምቴኤም (MTM) ይምዝገብ። ስምን ዕለተ-ልደትን ወላዲ'ውን ከምኡ። ስም፡ ኣድራሻ ኢመይል፡ መለለዪ ቍጽሪ መንነት ወይ ዕለተ ልደት ከምኡውን ኣብ ኤለማ ካርድ ዘሎ መፍለዪ ቍጽሪ (beteckningsnumret) ብመዝገብ ተጠቀምቲ ኤምቴኤም (MTM) ይምዝገብ። ንኸምዚ ዝዓይነቱ ምዝገባ ትቃወም እንተ ኾይንካ፡ ኤምቴኤም (MTM) ሕሳብ ኪኸፍት ኣይክእልን። እቲ ተታሒዙ ዘሎ ውልቃዊ ሓበሬታ፡ ስታትስቲካዊ መጽናዕቲ ኣብ ምፍጻምን ኣብ እንህቦ ኣገልግሎት ገምጋም ኣብ ዚግበረሉ እዋንን ኬገልግል ይኽእል። መጽናዕቲ ንምግባር ምሳኻ ርክብ ኣብ ዚግበረሉ እዋን፡ ምስታፍ ክትኣቢ ኩሉሳዕ መሰል ኣሎካ። እዚ ኸኣ፡ ኣብ legimus.se ዘሎ 'ሚና ሲዱር'Det sker genom ("Mina sidor") ተጠቒምካ ወይከኣ ምስ ቤት ንባብካ ርክብ ብምግባር ይትግበር።

ብስቱር ዚሕሎ ውልቃዊ ሓበሬታ ዘሎዎም ሰባት፡ ውልቃዊ ሓበሬታኦም ኣብቲ ብስትረት (ሰክረተስ) ዚተሓዝ ክፍሊ መዝገብ ኪሰፍረሎም ኪጠልቡ ይኽእሉ። ኣብኡ፡ መለለዪ ቍጽሪ መንነትን ኣድራሻ ኢመይልን ወይከኣ ዕለተ-ልደት፡ መፍለዪ ቍጽሪ ኤለማ ካርድ ውላድካ ጥራይ ይምዝገብ፤ ከምኡውን ኣድራሻ ኢመይል፡ ምስ ስምን ዕለተ-ልደትን ወላዲ ይምዝገብ። ኣብ ኤምቴኤም (MTM) ቍጽሮም ድሩት ዝኾኑ ሰባት ጥራይ'ዮም ነቲ ውልቃዊ ሓበሬታ ኪርእዩ ዚኽእሉ።

ውልቃዊ ሓበሬታ ከመይ ጌርና ከም እንሕዞ ብዚምልከት ኣብ መምርሒ ምልኣትና (integritetspolicy ተወሳኺ ሓበሬታ ኣንብብ። ዚርከበሉ ኣድራሻ www.mtm.se/hantering-av-personuppgifter/

ምኽኑይ እንተ ኾይኑ፡ ኤምቴኤም (MTM) ንውዕል ኣጠቓቕማ ኪቕይር መሰል ኣሎዎ። ከም መጠን ወላዲ ለጊሙስ ዚጥቀም ቈልዓ፡ ብናትካ ተበግሶ ንዚግበሩ ለውጥታት ክትከታተልን፡ ንዝተገብሩ ለውጥታት ትቃወም ምዃንካን፡ ንናይ ኤምቴኤም ኣገልግሎት መልሲ (MTM:s Svarstjänst) ብዘይ ውዓል-ሕደር ናይ ምሕባር ግቡእ ኣሎካ። ንዝተገብረ ለውጢ ትቃወም እንተ ኾይንካ፡ ለጊሙስ ናይ ምጥቃም ኣኽእሎ ብተበግሶ ኤምቴኤም (MTM) ኬብቅዕ ይኽእል'ዩ ማለት'ዩ።

እዚ ውዕል ብዕለት 2018-05-22 ተሓዲሱ'ሎ፤ ንግዜኡ ከኣ የገልግል።

## ናይ ወላዲ ፍቓድ

ነዛ ቅጥዒ ብምጥቃም፡ ውላድካ ከም ተጠቃሚ ለጊሙስ ኪምዝገብ ከም ወላዲ መጠን ፍቓድካ ትህብ።

### ውልቃዊ ሓበሬታ ቈልዓ

ስም

_______________________

ስም ኣቦ

_______________________

ከም መጠቀሚ ስም (användarnamn) ለጊሙስ ዘገልግልን፡ መእተዊ ቃልን ሓበሬታን ዚስደደሉ ኣድራሻ ኢመይል። ቈልዓ ትምህርቲ ምስ ዛዘመ እቲ ኣድራሻ ኢመይል ኣገልግሎቱ ስለ ዘብቅዕ፡ ምስ ቤት ትምህርቲ ቈልዓ ዚተኣሳሰር ኣድራሻ ኢመይል ምጥቃም ኣወግድ።

_______________________

መለለዪ ቍጽሪ መንነት ወይ መወሃሃዲ ቍጽሪ (samordningsnummer)

_______________________

*ቈልዓ ኣብ ሽወደን ዕቝባ ዚሓትት እንተ ኾይኑ፡-*

ዕለተ-ልደት

_______________________

ቍጽሪ ካርድ ኤለማ LMA-nummer (XX-XXXXX)

_______________________

ኤለማ ካርድ ዘገልግለሉ ግዜ

_______________________

### ውልቃዊ ሓበሬታ ወላዲ

ዕለተ-ልደት

_______________________

ስም

_______________________

ስም ኣቦ

_______________________

**ውዕል ኣጠቓቕማን ሓለዋ ዳታን**

( ) ኣነ ወላዲ፡ ንውዕል ኣጠቓቕማ ለጊሙስ ኣንቢበ እቕበሎ ኣለኹ።
( ) ኣነ ወላዲ፡ ኤምቴኤም (MTM) በቲ ኣብ ናይ ኤምቴኤም መዝገብ ተጠቀምቲ ሓለዋ ዳታ ዚጥቀስ ኣገባብ፡ ናተይን ናይ ደቀይን ውልቃዊ ሓበሬታ ኪእክብን ክሕዝን እቕበል ኣለኹ። ኣተሓሕዛ ውልቃዊ ሓበሬታ ማለት፡ ንኣብነት ንኣገልግሎት ዚምልከት ርክባት ዓማዊል እዩ።

ቦታን ዕለትን

________________________________________

ክታም ወላዲ

________________________________________